SOSIAALI- JA TERVEYSMINISTERIÖ

ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ- ኮቪድ:19

መንግስቲ ፊንላንድ ልዓለ 70 ዝመለኡ ሰባት ዝቕጽል ዓላማ ኣውጺኡ፣

ብፍላይ ልዓለ 70 ዝመለኡ ሰባት በዚ ሕማም ንኽይጥቀዑ ክከናኸኑ ኣለዎም። ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ካብ መንእሰያት ንላዕሊ እዚ ቫይረስ ብብርትዕና ከትጥቀዖም ስለዝኽእል ንኣብነት ኣብ ሕክምና ኽንክን ተገዳስነትን ወይ ድማ ስጋብ ሞት ዝዓስብ ክሓሙ ይኽእሉ እይም።

ክምዚ ገይሩ መንግስቲ ዓበይቲ ሰባት ካብ ኮሮና ቫይረስ ንኽድሕን ይፍትን። ልዓለ 70 ዝመለኡ ሰባት ምስ ካልኦት ሰባት ብኣካል ፍጹም ክራኸቡ የብሎምን ኢሎም፣ እዚ ማለት ሕማም ከይመሓላለፍ ወይ ከይላግቦ ፈኺ ምቕማጥ ዝሕለፍ ግዜ።

ልዓለ 70 ዕድመኻ እንተ ኾይኑ

- ምስ ካልኦት ሰባት ብኣካል ኣይትራኸብ፣ ካብ ገዛ ኸኣ ምዉጻእ ኣይተዘውትር።
- ትቕርቦም ሰባት ወይ ድማ ግረባብትኻ ምስ ዘድልየካ ንኽሕጉዙኻ ፈትን።
- ምስ ኣስበዛን ፎውሰን ሓገዝ ዘድሊየካ እንተ ኾይኑ፣ ካብ ትነብረላ ከተማ ሓገዝ ሕተት። እንተ ኣስበዛን ፎውስን ናይግድን ባዕልኻ ክትገዝእ እንተ ኣለካ ቡዙሕ ሰብ ዘይወጻሉ ግዜ ኪድ።
- ብሓኪም ዝተኣዘዘ ፎውሲ ንካልእ ሰብ ውክልና ገርካ ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ኣድራሻ እቲኻ ውክልና ግበር፣ suomi.fi/valtuudet።
- ብመንግስቲ ዝተኣዘዘ ቀያዲ ነዚ ሕማማ ንኽይመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፣ ስዓቦ።
- ኣብ ገዛ ከለኻ ምንቅስቓስ ኣዘውትር፣ ግን ኣብ ደገ ክትዛወር ከለኻ ካብ ካልኦት ረሓቕ።
- ክትረኽቦም ትደሊ ሰባት ብተለፎን ወይ ድማ ብኢንተርነት ርኸቦም።

ኣብዚ ቃሉይ ግዜ ንመዓልታዊ ሂወት ንኽመሓደር ሓገዝ ናይ ጎረባብትን ኣዝማድን ብጣዕሚ ኣድላዩ እዩ። ነፍሲ ወከፎ ሰብ ንብዕድመ ዝደፍኡ ሰባትን ጥዕና ዝሰኣኑ ሰባትን ንኽከላኸል ሓላፍነት ኣሎዎ ምኽንያቱ ኣብ ሰብነቶም ዘሎ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ድኹም ስለዝኾነ። ኣብ ሰብነትና ዘሎ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ብሰንኪ ሕማም ክደክም ይኽእል ኢዩ።

ልዓለ 70 ዝመለኡ ስድራ ወይ ትኣልዮም ሰባት እንተ ኣለካ፣

- ልዓለ 70 ዝመለኡ ሰባት ከድኩም ኣይትርኣይዎም ምኽንያቱ እሶም ኣብ ሓደጋ ክፍሊ ናይ እዚ ሕማም ስለ ዝኾኑ። ብተለፎን ተራኸቡዎም።
- ክትረኽቦም ትደሊ ሰባት ብተለፎን ወይ ድማ ብኢንተርነት ርኸቦም።
- ብኣካል ምብጻሕ ናይ ግድን እንተ ኾይኑ፣ ብኢድ ሰላምን ሙሕቓፍን ምትንካፍን ክተርፍ ኣለዎ። መስመር ኣየርካ ብመንዲል ወይ ድማ ብመሸፈን ገጽ ገይርካ ተከላኸል።
- ስድራኻ ወይ ሰብ ትኣሊ እንተ ኾንካ፣ እንተ ቐሪብካዮም ሕማም ክመሓላለፈካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ እዩ። ሰብ ብኣካል ምቕራብ ብሓፈሻዊ ክዝውተር የብሉን።